**<u>ግዜኻ ተጠቐመሉ።</u>**

ድምጽን ክራርን ይቃነ ፡
ግብርን ሓሳብን ይሳነ።

ይቕናዕ ርእሱ ዘድነነ፡
ግዜ የሎን ኣይትዛነ።

ሕሰብ ህድእ ኢልካ፡
ኣስተውዕል ከይተ ገራህካ።

ግዜ ፈጣን'ዩ ከይሓልፈካ፡
ዘይወጽእ ጣዕሳ ከይኮነካ።

ናይ ሎሚ ኣይትበል ንጽባሕ፡
ተበራበር ኣንጊህካ ስራሕ።

ዕመሞ ዘይተርፍ ወፍሪ፡
ምኽንያት ኣይኮነን ኣስሓይታ ቁሪ።

ትማልን ሎምን ክልቲኡ በበይኑ፡
ጽባሕ'ውን ካብ ሎሚ ፍልይ'ዩ እዋኑ።

ተኸተል ኣብነት  ጀጋኑ፡
ሻርነት ይትረፍካ ምስ ዝዓወኑ።

ስመር ተኣሳሰር ከም ሰንሰለት፡
ምፍልልይ ይወገድ ብዞባ ብዓሌት።

ኣይትኹን ንድሕሪት ሰጓሚ ፡
ጽቡቕን ሕማቕን ኣጸቢቕካ መሚ።

ይኹን ሓውካ መማኽርቲ፡
ሻራ ኣይትፍቶ ሓጺር መጓዕዝቲ።

እመን ነብስኻ ቅድሚ ኩሉ፡
ትኽኦ ኣይትጠምት ፍልጠካ ስርሓሉ።

እቲ ተድንቖ ልዕሊ ነብስኻ፡
ኣይምሰልካ ዝበልጽ ካባኻ።

ኩራዕ ብትውንኖ ዓቕሚ፡
ናይ ካልእ ምቁማት ነይህበካ ጥቕሚ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት።
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።